# ሎሚ’ውን ከም ትማሊ
# ኣብ ኣሰር እቶም ጀጋኑ !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህላወ ህዝቢ ኤርትራ ዘጽልኦም ወገናት ብፍላይ ናይ ምዕራብ ሃገራት ፡ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኵናት ዓለም ብዘይ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ በታ ኣዝያ ድሕርቲ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ከም እንጉበጥ ተጌሩ ። ህዝቢ ኤርትራ ብመጀመርያ ብሰላማዊ መንገዲ ፡ ንሱ ምዃን ምስ ኣበዮ ህይወቱ ከፊሉ ነጻነቱ ከምጻ ብረት ኣልዒሉ። ይኹን’ምበር እቶም ነጻነትና ዓንዴል ዝጠዓሞም ንምጥፋእና ነታ ጎባጢት ኢትዮጵያ ማእለያ ዘይብሉ ወተሃደራውን ቍጠባውን ሓገዛት ብምውፋይ ንምጥፋእናተቓሊሶም። ህዝቢ ኤርትራ ግን በቲ ነቕ ዘይብል ጽንዓቱን ሓድነቱን ንሰላሳ ዓመታት ተቓሊሱ ንኹሎም ጸላእቱ ስዒሩ ነጻነቱ ተጎናጺፉ። ንሕና ነፍሲ ወከፍና ( ነቶም ሽዩጣት ) ገዲፍካ ናይቶም ምእንቲ ነጻነት ህዝቦም በጃ ዝሓለፉ ሰማእታትና ብደም ዝተጻሕፈ ወርቃዊ ሕድሪ ኣለና። እዛ ሃገር ብዝረብሑን ዘይረብሑን ዓመጽቲ ከይትድፈር ሓደራ ፡ እትብል ረዛን ሕድሪ ክሳብ’ታ ናይ መወዳእታ ጽራር ደምና ከፊልና ክንዕቅባ ምዃንና ፡ ኣጆኹም ቅሰኑ ንሕድርኹም ከነጽንዓ ኢና ኢልና ቃል ኣቲናሎም ኢና። መሬት ኤርትራ ጸላኢ ዝሕምሸሽላን ብሓዊ ሓሪሩ ዝቐበረላ እምበር ዝዕንድረላ ኣይትኸውንን እያ። ንሕና ፡ንሕና ኢና ! ብእንጌራ ትኳቦ ኣይንነብር ብናይ ዝኾነ ዕቡይ ጃህራን ፈኸራን ውን ኣይንርዕድን ኢና። እንታይነትና ክፈልጡ እንተ ደኣ ደልዮም ናይ ሰላሳ ዓመታት ቃልስና መዛግብቲ ዘይፍትሹ ! ካብ ባዶ ዘይኮነስ ትሕቲ ባዶ ዝዓነወ ቍጠባ ተረኪብና ካልኦት ሃገራት ኣብ ሚእቲ ዓመት ክዓምኦ ዘይከኣላ ደረጃ ምዕባለ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመታት እሞ በይንና ምስ ማእለያ ዘይብሎም ግዳማዊ ተጻብእታትን ማሕንቖታት ክንበጽሖ ክኢልና ኢና።
ብ1998 ዝተኸፍተልና ዓለም ብዓለማ ኢዳ ዘእተወትሉ ኣዕናዊ ወራር ብኽመይ ከም ዝመከትናዮን ዝሰዓርናዮን ዝርዳእ ሓንጎል ስለ ዘይብሎም ድዮም ወይሲ እንተ ተመሰለልና ኢሎም እዮም ወግሐ ጸብሐ ነገር ዝደልዩና ! ኣይፋልኩም ሰላም ሃቡና ! ኣብልዑና ኣይበልና ኣስትዩና ኣብታ ገዛና ሰልም ሃቡና ኢና ንብል ዘሎና። ንሕና ዝመጸ ተጻብኦ ይምጻእ ንእንታይነትና ዘዳኽሞ ከይመስለኩም መሊስና ኢና እንተብዕን ናብ እሳተ ጎሞራዊ ሓዊ እንቕየርን። ገለ መንነቶም ምእንቲ ከብዶም ዝሸጡ ከዳዓት ኣብ ምዕራብ ሃገራት ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኖም እንተወጨጨዑ ኣይኮነንዶ ንዓናስ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጽንጽያ ውን ከንፍሩ ኣይክእሉን እዮም። እዞም ከዳዓት ንዘይፈልጦም ሰብ ይመስሉ ይኾኑ ነቶም ንፈልጦም ግን ቀባሪ ዝሰኣኑ ሬሳ እዮም። ኣብ ሓምሳታት ኣብ ቤተ መንግስቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ከይዶም ውዱእ ሽሓኒ ከልምጹ ሃገር ዝሸጡ ከም በዓል ኣቡነ ማርቆስን ቀሺ ድሜጥሮስን ካልኦትን ከዳዓት ፡ ነቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ መሪር ቃልስን ዝተኸፍለ መስዋእትን ካብ ሞት ተመሊሶም እንተ ዝርእይዎ እንታይ ኮን ምበሉ ! እዞም ትማል ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ራሕሪሖም ንደገ ዝኾብለሉ ፡ ብድሕሪኦም ሜዳ ኤርትራ ከመይ ኔሩ እንታይ ዓይነት መሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእትን ተኸፊሉ ይፈልጥዎ ደኾን ይኾኑ !ንሳቶም’ከ ኣብ ደገ ኮይኖም እንታይ ኣበርክቶ ይገብሩ ኔሮም ! ኤርትራ ብህዝባዊ ግንባር ነጻነታ ምስ ጨበጠት ከመይ ተሰሚዕዎም ! ኩልኻ ኣብ ደገ ዘለኻ ኤርትራዊ ብሓፈሻ ንዓ ዓድኻ እቶ ንዝሓለፈ ጌጋታት ንድሕሪት ገዲፍና ሃገር ንህነጽ ምስ ተባህለ እንታይ ኔሩ መልሶም ! ኤርትራ ብዕሽላ ንምጥፋእ ምስ ዓለማዊ እስላማዊ ጥሩፍነት ኮይኖም ካብ ሱዳን ተበጊሶም ንኤርትራ ንምውራር ኣይተበገሱን ድዮም ! ወያነ ወራር ምስ ከፈተልና ተኣኪቦም ንወራር ወያነ ኣይባረኹን ድዮም ! እወ እዚ ኩሉ መስዋእትን ዕንወትን

ምምዝባልን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበረት ኢትዮጵያ ደይኮነትን ! እዞም ከዳዓት እምበኣር ምስ ኢትዮጵያ ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ሞትን ህልቂትን ንምውራድ እዮም ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ።

ወይለኻ ከዳዕ ! ንሕናስ ንሕና ኢና እቶም ትማል እትፈልጠና ኣርሓታት ናይ ዓለም። ንዓና ሽግር ኣየምበርክኸናን እዩ ! ኣብ ልዕሌና ማዕቀብ ውን እንተተገብረ ንዓና ሓድሽ ኣይኮነን ድምብርጽ ኣይብለና ፡ ኣየምበርክኸናን ከኣ እዩ። ኣይኮነን'ንዶ ናይ ኣጽዋርን ናይ ቍጠባ ማዕቀብ ፡ ካብ ሓምሳታት ኣትሒዙ ብህይወት ንኽይንነብር ውን ማዕቀብ ተጌሩልና ኔሩ እዩ። ንሕና ግን ንሕና ኢና ብናቶም ማዕቀብ ኣይሞትናን ኣይጠፋእናን ብሓድነትናን ጽንዓትናን ንኹሉ ማዕቀቦም ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ነብሶምን ኣባትሮም ሓማሺሽና ብዓወት መሰስ ኢልና።፡ ሎሚ ውን እንተኾነ ነዚ ኣብ ልዕሌና ዘሕለፍዎ ማዕቀብ ስዒርና ካብዚ ሕጂ ተጎናጺፍናዮ ዘሎና ዓወታት ብዝተዓጻጸፈ ናህሪ ንላዕሊ ከም እንውንጨፍ ብዓውታ እነድምጾ ቃልና እዩ። ንሕና ኣብ ገዛእ ዓቕምና ተሞርኲስና ሃገርና እንሃንጽ ዘሎና እምበር እንጌራ ምጽወታ እናበላዕና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታት ነገር እንጽሕትር ሰባት ኣይኮናን። ነገር ንምጽሕታር ተበጊስና ኣይንፈልጥን እቲ ምንታይሲ ካብ ነገር ዝርከብ ረብሓ የሎን ካልኣይ ነገር ከኣ ዝኣክል ዝተርፍ ዝስራሕ ኣሎና። ንሽግር ብቕልጽምናን ብረሃጽናን ኢና እንስዕሮ ፡ ንሕና ብዝሒ ብረት ዓይነት ብረት ብዝሒ ወረርቲ ኣየርዕደናን እዩ ! ደቂ ሓላል መሬት ደቂ ሓርበኛ ህዝቢ ኢና ። ወይለኡ ነገር ዝደልየና ! ብተፈጥሮና ጻሕተርቲ ሓዊ ኣይኮንናን፡ መሬት እንዳማትና ስድሪ'ውን ትኹን ኣይንወርርን ኢና። ኣብ መሬትና ስድሪ ውን ትኹን ኣትዩ ነገር ዝጻሕተረ ግን ብህይወት ናብ ቦትኡ ኣይምለስን እዩ። እዚ ንስለ ፈኸራ ድዝረብ ኣይኮነን ሓቂ እዩ። ኤርትራዊ ኣጆኻ ንማዕቀብ ሚዛን ኣይትሃቦ ከይትርዕድ ከይትሰናበድ ዋጋ ዘለዎ ነገር ከይመስለካ ! ከምቶም ዝሃለፉ ማዕቀባትን ወራራትን ተጻብኦታትን እዚ ውን ጽባሕ ፈጋዕጋዕ ኢሉ ከም ብሓዊ ዝተሃሞኸ ኩምራ ሓሰር ሓሙኹሽቲ ኮይኑ ክተርፍ እዩ። ንሕና ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ዝያዳ ክንረግእን ክንተብዕን ሓድነትና ኣደልዲልና ፈተውትና ጸላእትናን ኣለሊና ምስቲ መዳርግቲ ኣልቦ መንግስትናን ህዝብናን ኮይንና ሃገር ኣብ ምህናጽ ጥራይ ንጓየ።ከምቲ ለባማት ወለድና ዝብልዎ „ ኦ ፈጣሪ ካብ ፈታውየይ ደኣ ሓልወኒ እምበር ንጸላኢየይሲ በትረይ ኣለኒ „ ። ንሕና ካብቶም ክሳብ ሎሚ ኣሕዋትና እዮም ጽባሕ ኣብ ልቦም ይምለሱ ይኾኑ ንብሎም ዝነበርና ናይዚ ዘሎናዮ ዘመን ማሕበር ኣንድነት'ዶ ወይሲ ራስ ገዝ ንበሎም ዕሱባት መንነቶም ዝሸጡ ደቂ ሃገር ኣጸቢቕና ምልላዮም ከድልየና እዩ። ልዕሊ ጭፍራ ወያነ ዝስርዑ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ እዮም። ከይትደናገር ተቓወምቲ ዝብል ስም ንነብሶም እንተ ኣጠመቑ ፡ተቓወምቲ ከይመስለካ እዚኣቶም ከዳዓት እዮም ዝበሃሉ። ንሳቶም ከኣ ባዕሎም ብዘይ ሚሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተጎዂሎም ገሊኦም ኣብ ስደት ገሊኦም ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ከይዶሙልና እዮም። ሕጂ ኣጆኹም ኣጆና ነቲ ተተሓሒዝናዮ ዘሎና ህንጸት ሃገር ናብኡ ጥራይ ንጉየ። ጸላእትና ብማዕቀብ ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ኤርትራዊ ስነ ኣእምራዊ ጭንቀት ንምፍጣር እዩ እቲ ቀንዲ ዕላምኦም፡ ንሕና ከኣ ነዚ ኣቐዲምና ብምስትብሃል ዝያዳ ክንተብዕ ኣለና። ነቶም ዝተኾብሎምን ዘነባብርዎምን ኣህዛብ ይኹኑ መንግስታት ይኣግድዎም እምበር ንዓና እንታይ ዝህቡና ነገር ሃልዩ እዩ ዝእግዱና ! ትማል ብጽፍርና ሎሚ ብጽፍርና ። „ንፋስ ምስ ኩሉ ሓይሉን ታህዲዱን ንሓንቲ ንእሽቶ ጎቦ ኣየነቓንቓን እዩ“ ንዓንዲ ጽንዓትና ዝንቕንቕ ሓይሊ ክሳብ ሎሚ ኣይተራእየን ንብድሕሪ ሕጂ ውን ኣይክርአን እዩ። ናይቶም ካብ ዝምስረቱ ልዕሊ ኣርባዓ ዕመት ዘቑጸሩ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዋላ ሓድነት ኣፍሪቃን ዝበሃል ስማዊ ኣህጉራዊ ውድብ ንኤርትራ ማዕቀብ ክግበረላ ምድጋፉ ንመን ይገርሞ ! ናይ ገዛእ ሃገሮም ኣፍልጠን ሓልዮትን ዘይብሎም ዕሱባት መራሕቲ ዘይኮኑን ! እስኪ ንኹለን ትሕተ ሰሃራን ምዕራብን ደቡብን ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ብናይ ኣእምሮ ጉዕዞ ንኺደን ፡ እንታይ ይመስላ ! ህዝበን ኣብ ከመይ ዝበለ መነባብሮ ይርከብ ! ኣህዛብ ናይዘን ሃገራት እዚኣተን ትሕቲ ህሉዋት ልዕሊ ምዉታት ደይኮኑን ዝነብሩ ! ካብዞም መራሕቲ እዚኣቶም እቶም ኣብ ሃገሮም ዘለዉ ናይ ዱር እንስሳ ብሽሕ ግዜ ከም ዝበልጹ ምፍላጥ የድሊ። ስለዚ ካብዚኣቶም ፍትሕን ቅኑዕ

ርእይቶን ምጽባይ ካብኡ ዝዓቢ ዕሽነት የሎን። ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣጀንዳ ሒዝካ ኣኼባ ምክያድ እንተዘይ ኮይኑ ብዛዕባ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሓሲቦምን ዘትዮምን ኣይፈልጡን ንብድሕሪ ሕጂ ውን ኣይክፈልጡን እዮም። ሰላሳ ዓመታ ህዝብና ክጭፍጨፍ ደምና ከም ውሕጅ ክዛሪ ዓድታትና ብሓዊ ክነድድ ህዝብና ናብ ዘይፈልጦ ስደት ፋሕ ክብል እዞም እኩባት ኣእማን ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ መሊቓቶም ተዛሪቦም ኣይፈልጡን። እዚ መዓስ ረሲዕናዮ። ንሕና ናይዚኦም ኣባል ክንከውን ከሎና ብተግባራቶም ተሓጉስና ደይኮነስ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ስለ ዝኾንና ጥራይ እዩ።

ንሕና ሰብ ጽኑዕ መትከል ደቂ ቅድስቲ መሬት ተቐበልቲ ሕድሪ ናይቶም መዳርግቲ ኣልቦ ጀጋኑ ሓርበኛታትና ኢና። ሕድሮም ኣብ ዝባንና ጥራይ ደይኮነስ ኣብ ደምናን ስጋናን ሰሪጹ እዩ። እቶም ጀጋኑ መሬት ብሰማይ ሓዊ ብመሬት ሓዊ እናተንስነሳ ቃልቃል ክትብል ከላ ድምብርጽ ከይበሎም ኣጆኹም ነጻነት ኣብቲ ማዕዶ እንሃለ ዋግኣ መስዋእቲ እንድዩ እናበሉ ብናፓል እናሓረሩ ንናፓል ኣጥፊኦም ነጻነት ኣረኪቦሙና። እዚ ሕድሪ እዚ በታ ብደም ዝጠልቀየት ጥውያ ነጸላ ተቐቢልናዮ ኢና። ዝመጸ ይምጻእ መሬት ጸቢባ ከም ኣፍ ዕንቍ ውን ትኹን ነቕ ኣይክንብልን ኢና።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !